## ሱፍ’ሲ መሪጽኩም ምስ ክራባትኡ!
## ቁልፊ ግን ረሲዕኩም መዕጠቕኡ!

ገ/ሚካኤል ሃብተጽዮን (ቐሪጂ)

ኮንፈረንስ ቡሩሰል ናይ ዉሱናት ምሁራት
ብጀካና የለን ባሃልቲ ለባማት
ንበይኖም ዝማኽሩ ተጎልቢቦም ጸልማት
ረበሕኦም ዘቐደሙ ረሲዖም ጭቁናት።

ንኻልኦት ኣዋሲንካ ንበይንኻ ጉያ
ንዝደለኻዮ እንዳመረጽካ ብሕርያ
ልኡኻት ህግደፍ ስዉራት ሃዋርያ!!

እቶም ስድሪ ዝባሃሉ’’ኺ ኣለዎም ዕላማ
ኪዳን ኣትዩላ’ዩ ንህግደፍ ከይጠልማ
ጨናፍርዉን ኣልዉኣ ብየማን ጸጋማ
ተቓወምቲ’ና እንዳበላ ዘዕዘምዝማ
ወከልቲ ህዝቢ እንዳበላ ዝቁዝማ
ንኻልኦት መሰላት ዝሕርማ
ነገር ዘባልሓ ካብ ጌግኤን ዘይእረማ
ክነቅፋእምበር ክንቀፋ ዝጽገማ
ባዕላተን ዝናእዳ ባዕላተን ዝሸየማ።

ንሕና’ና ዓበይቲ ካልኦት ግን ንኣሽቱ
ዝብል ኣዛራርባ ዓዲ ዘየኤቱ
ካብ ቅሳነት ሰላም ዝበዝሕ ስቅያቱ
ንራህዋ ህዝብና ኣይኮነን እንትርፎ ንሓለምቱ
ኣባትር ተበለጽቲ ነብስኹም ሕተቱ
ቲፎዝነት ኣየጥቅዕኩም መንገዲ ኣይትስሓቱ
መሰልና’ዩ እንዳበልኩም ክንዲዚ ክትህዉትቱ
ዘለፋን ጸርፍን ዘብዝሕ መዔቀኒ ድኽመቱ

ንሕና’ና ምሁራት ንሕና ለባማት
እንዳበልካ ኣይትዝራእ ሕማማት
ምሁራት ኢኹም ከይንብለኩም በሃማት
ብዉሱናት ኣይፍታሕንዩ ሽግራት ጸገማት
ንሕና ዓበይቲ ካልኦት ጨቓዊት
እንዳበልካ ክሳብ መዓስ ጻዊዒት

ቅድሚ ሕጂ ህዝብና ብህግደፍ ዝተዳናገሮ
ተሞክሮ ቀሲምሉዩ ኮይንዎ ምህሮ
ንበይኑ ዝዛተ ንህዝቢ ከይሓበሮ
ንዓበይቲ ዓዲ ንምሁራት ከይተነግሮ
ሲቪካዉያን ማሕበራት ኪዳን ዘይጽንበሮ
በይንና ባሃልቲ ንኩሉ ዝሓጽሮ

ብጽልኢ ኣይትኽሓኑ ኣይትሓንግዱ
ርእይቶ ካልኦት ዘየኽብር ነዊሕ ዘየማዕዱ
ንዑ ንካባበር ተነቀፉ ተማዓዱ
መመሊስኩም ሓዊ ኣይተንበድብዱ
ንካልኦት ኣነዊርኩም ነብስኹም ኣይትንኣዱ

ጸባ ክሕለብ ኣይክል’ዩ ካብ ወጠጦ
ኣታ ንዉድባት ህዝብን ረስዕካ ንበይንኻ ትቛናጦ
ፈላጣት በሃልቲ ተጸበይቲ ቁርጣጦ
ምሽራኽ ንበይንኻ ህዝቢ ዘይፈልጦ
ክሳብ መዓሳ ዕበጦ ዕበጦ
ዓማል ዝምህርቱ ዝጠስጠሰ ቅሚጦ

ኣስተዉዒል ህዝብና ኣይጠዓየን ነገር
ብስም ህዝቢ ክሳማዓስ ከዳናግር
ከምድላይካ ክሳብ ማዓስ ክዕንደር
ዓይንኻ እንዳራኣያ ክትዝመት ክትፍገር
ባዕልኻ ኢኻ ሓፋሽ ወሳኒ ባዕልኻ ወዳኢ ነገር

ህዝቢ ኤርትራ ባዕልኻ ኢኻ ወሳኒ
ዓወት ንዉጽዕ ህዝብና
ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትና!!